<u>ዝርዝራዊ መግለጺ ትሕዝቶን ኣቀራርባን መጽሓፍቲ ቆልዑ ትግሪኛ</u>

እዚ ዝርዝራዊ መግለጺ ንትሕዝቶን ኣቀራርባን እዘን ዝሰዕባ መጻሕፍቲ ቆልዑ ትግሪኛ ይምልከት፡

- ባጉም ባጉም ምስ ፊደላት ከነዛውረኩም (ISBN-13: 978-1475104554)
- ቁጽሪ፡ ሕብርን፡ ቅርጽን ብትግሪኛ (ISBN-13: 978-1475235753)

<u>መእተዊ</u>

**መጽሓፍ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ምንጪ ትምህርትን ኣፍልጦን ኣብ ህይወት ደቂ-ሰባት እዩ። ኣብ መዕበያ ሕጻናትን ቆልዑን ድማ ናይ ነዊሕ ተዘክሮን ጦብላሕታን ዘሕድር ኮይኑ ምስ ግቡእ ኣፍልጦን ኣጠቓቕማን ተዛኒቁ ምስ ዝኸይድ ድማ ዝኾነ ይኹን ፍልጠት ኣብ ምስራጽ ዓብይ እጃም የበርክት።**

**ኣብ ስደት ንዝውለዱን ዝዓብዩን ቆልዑ ኣፍልጦ ቋንቋ-ኣደ ንምስትምሃር ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት እናተበራትዔ ኣብ ምኻድ ይርከብ። ነዚ ጻዕሪ ንምሕያሉን ሱር ምትካሉን ብምሕላን ድማ ብዓይነትን ትሕዝቶን ንዓለም-ለኻዊ ሕግታት ስነ-ጽሑፍ ቆልዑ ብመንጽር ሰንዓ (design) ፡ ስነ-ጽሕፈት (Writing for young readers)፡ ጥረዛ (Binding) ዘማልኡ መጻሕፍቲ ኣብ ምሕታምን ምዝርጋሕን ንርከብ።**

**ኣብ መጻሕፍትና ዝርከቡ ስእላዊ መግለጺታት ካብ ወነንቲ እቲ ትሕዝቶ ዝኾኑ ስነ-ጥበባውያን ብወግዓዊ ናይ መጠቀሚ ፍቃድ (License) ዝተረኸቡ ኮይኖም ዝርዝር ኣስማቶም ድማ ኣብ እግረ-ገጽ ናይ መፈጸምታ ገጽ መጽሓፍ ይርከብ።**

**ኣብዚ ዝርዝራዊ መግለጺ ሰፊሩ ዝርከብ ሓሳባት ንምኽሪ፡ መኣረምታን፡ ምዕባለ-ሓዘል ርእይቶታት ክፉት ኮይኑ ዝኾነ ይኹን ተወከሶታት ኣብ ኢ-መይልና [admin@weledo.com](mailto:admin@weledo.com) ብኣኽብሮት ክንቅበል ምዃንና ቐዲምና ነዘክር።**

**መምህር ኣቤል ኣብርሃም (PBDE, B.Sc.)**

## 1. <u>ዓይነትን ኣቀራርባን መጻሕፍቲ</u>

መሰረት ቅዲ ኣቀራርባ መጽሓፍቲ ኣብ ሰለስተ ክውንነታት ዝተሞርከሰ እዩ።

### 1.1 ሕግታት ስነ-ጽሑፍ ናይ ቆልዑ መጽሓፍቲ

ንቆልዑ ዝዳለዉ መጻሕፍቲ ዕድመ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ደረጃን፡ ባህርያትን ቆልዑ ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ። ኣቀራርባ መጽሓፍ ቆልዑ ንስምዒትን ሓሳባትን ቆልዑ ዝምስጥ ኮይኑ ኣንባቢ ብምሉእ ቀልቡ ዝዋሳኣሉ ክኸውን ይግባእ። መጽሓፍ ብሚዛኑ ፍኹስ ዝበለ ብቅርጺ ድማ ማዕረ ንውሓት ቁመትን ጎንን ክህልዎ ይምረጽ። ነቶም ዝነኣሱ ቆልዑ ብዝሒ ስእሊ ምስ ውሑድ ጽሑፍ፡ ነቶም ብዕድመ ዝዓብዩ ድማ ካብ ዝበዝሐ ስእላዊ መግለጺ ናብ ዝበዝሔ ጽሑፋዊ መግለጺ እናተሰጋገረ ይኸይድ። ካብ ዕድመ 12 ንላዕሊ ከኣ ምሉእ ብምሉእ ጽሑፋዊ መግለጺ ሓዘል መጽሓፍ ቅቡል ይኸውን። ብኣፈናዊ ገምጋም መጽሓፍቲ ቆልዑ (ትሕቲ ዕድመ 12) ካብ 24 – 36 ገጽ ክኾኑ ይምረጽ። ኣብ መጻሕፍቲ ቆልዑ ዝቀርቡ ስእላዊ መግለጺታት ብልዑል ድሕረ-ገጽ (high resolution) እንተ ወሓደ 300 dpi ዝተቀረጹ ክኾኑ ይምረጽ። መጻሕፍትና ነዞም ክብ ኢሎም ዝተጠቅሱ ሕግታት ዝተኸተሉ እዮም።

### 1.2 ምርምር ስነ-ትምህርቲ ቆልዑን ሕጻናትን (Pedagogy of early years education)

ንቆልዑን ሕጻናትን ዝዳለዉ መጻሕፍቲ ውቁባት፡ ጻዕቂ ዘይብሎምን፡ ኣብ ሓደ ንጹር ዛዕባ ፈልዮም ዘተኮሩ ክኾኑ ይግባእ። ንዓይኒ ዘይማርኽ ኣቀራርባ፡ ኣህላኺ ጻዕቅን፡ ዝተሓዋወሱን ዘይተነጸሩ ዛዕባታትን ምዝውታር ነቲ ዝድለ ዕላማ ኣየተግብርን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ነዊሕ እዋን ድማ ድልየት ናይ ትምህርቲ ዘዳኽምን ንቆልዑ ኣብ መጻሕፍቲ ዝህልዎም ዝንባለ ዝድህኽ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘላብዕ ተግባር እዩ። ኣዳላዊ መጻሕፍትና ናይ ልዕሊ 12 ዓመት ናይ ምምህርና ተመክሮ ዘለዎን ብስነ-ምምህርና ናይ Postgraduate degree ምሩቅ እዩ።

### 1.3 ርትዓውነት ዋጋን ኣቅርቦትን መጻሕፍቲ

ነዞም ኣድላይነቶም ኣዝዩ እናዛየደ ዝመጽእ ዘሎ መጻሕፍቲ ቆልዑ ብትግሪኛ ኣብ መላእ ዓለም ብሰፊሕ ዝርገሔን ርትዓዊ ዋጋን ንምቅራብ ዘኽእል ኩነታት ንምፍጣር ዘድሊ ወጻኢታት ብሓደ ሸነኽ ኩሎም ኣብ ስደት ዘለዉ ሕጻናትን ቆልዑን ሃገርና ድማ ንቁጠባ ስድራ-ቤት ብዘይሃስይ መንገዲ ተጠቀምቲ ዝኾንሉ ባይታ በቲ ካልእ ሸነኽ ብምምዝዛን ዝውሰድ ስጉምቲ እዩ።

እዞም ቐዲሞም ዝተገልጹ መጻሕፍቲ ሕብራዊን ብሓውሲ-ላስቲክ (laminate) ዝተመስረሐ ገበር ኣለዎም። ውሽጢ መጽሓፍቲ 42 ገጽ ሓዘል ኮይኑ ኩለ-ሕብራዊ (full-color) ገጻት ምስ ውቁባት ስእልታት የቕርብ። መጻሕፍትና ብሙያዊ ጥረዛ ቀሪቦም ደረጃ ብቅዓት ቤት-ንባብ ሰሜን ኣሜሪካ ዘማልኡ እዮም።

## 2. <u>ትሕዝቶ መጻሕፍቲ</u>

### 2.1 መጽሓፍ ፊደል

ፊደላት ትግሪኛ ምስቲ ድሒሩ ዝመጸ ምምሕያሻት ነቶም ክልተ ሀ (ሀ ኀ) ክልተ ጸ (ጸ ፀ) ናብ ሓደ ጠሚሩ ይርከብ። እንተኾነ ግን ኣብ መንፈሳዊ ትሕዝቶታት ዘለዎም ግእዛዊ ጽሑፋት እዞም ክብ ኢሎም ዝተጠቕሱ ፊደላት ዝረኣይሎም ኣጋጣምታት ብምህላዎም ብዘይካ ንጉስ ሠ ኩሎም ፊደላት ቀሪቦም ኣለዉ። እዚ ዝተመርጸሉ ምኽንያት ኣብ ሕትመት ካብ ምጉዳል ምምላእ ዝቀለለ ስለዝኾውንን ዘይተደልየ ፊደል ክስገር ስለዝከኣል ዝጎደለ ፊደል ግን ድሕሪ ሕትመት መጽሓፍ ክምላእ ስለ ዘጸግም እዩ። ብመንጽር ታሪኻዊ ምዕባለ ቃላት ትግሪኛ ድማ እዞም ፊደላት ኣብ ስርወ-መሰረት ቃላት ሴማዊ ቋንቋ ዝእምትዎ ሓቅታት ምህላዉ እውን ምጥቃስ የድልይ።

መወከሲ ፊደል ኮይኖም ከገልግሉ ኣብ ዝተመረጹ ቃላት ‘ቸኮላታ’ን ‘ጀላቶ’ን ብመንጽር ክህልዎም ዝኽእል ተፈታውነት ኣብ ቆልዑ ተራእዩ ተሓዊሶም ቀሪቦም ኣለዉ። ከም መሰረታዊ ኣገባብ ግን ካላኦት መጻሕፍትና ብዝተኻእለ መጠን ናይ ትግሪኛ ቃላት ምጥቃም ከምዘዘውትር ክንሕብር ንፈቱ።

ሓሓሊፎም ኣብ ዝርኣዩ ተገራጩውቲ ስርዓተ-ድምጺ ቃላት ከም እኒ ‘ቀምቃሚ’ ‘ቐምቃሚ’ ‘ቀዳም’ ‘ቐዳም’ ‘ቀደም’ ‘ቐደም’ ፍኹስ ዝበለ መርገጺ ወሲድና ኣሎና።

### 2.2 መጽሓፍ ቁጽሪ፡ ሕብርን፡ ቅርጽን ብትግሪኛ

እዛ መጽሓፍ ብትሕዝቶ ንታሕተዎት ዕድመ ዝተዳለወት ኮይና ኣብ መሰረታዊ ኣፍልጦ (basic concepts) ዘተኮረት እያ። ካብ ስርዓተ-ቋንቋ ዝያዳ ድማ ኣብ ልሙድ ኣጠቓቕማን ኣዘናጋዒ ትሕዝቶን ተድህብ። ጸሓፊ ኣብ ሓድ-ሓደ ነጥብታት ክህልው ዝኽእል ሃናጺ ርእይቶ ተጠቃሚ ይዕድም።

## መደምደምታ

ነዘን መጻሕፍቲ ቆልዑት ብቀሊሉ ኣብ ዝረኽብዎን ዝጥቀምሉን ስፍራ ብምቕማጥ ከምኡ’ውን ወላዲ ብቀጻሊ እናዘኻኸረን እናምሃረን ምስዝግልገለለን እቲ ኣብ ስደት ዝዓብይ ቆልዓ ብኣጋ ዕድመ ኣፍልጦ ፊደላትን መሰረታዊ ሓሳባትን ትግሪኛ ከምዘጥርይ እምንቶና ዓብይ እዩ። ነቲ ዝቕጽል ዕላማ ምንባብን ምጽሓፍን ቋንቋ-ኣደ ድማ ድልዱል መሰረት ዝሃንጽ እዩ።

ስራሕና ኣብ ምዕዋትን ምስፍሕፋሕን ሓገዝኩምን ደገፍኩምን ኣዝዩ ወሳኒ እዩ።